*** ርሓቒ ዘይትሰምዕ ዕስራ ሰነ ***

ኣዒንተይ ዓሚተ፣ ኣእዛነይ ኣጽሚመ፣
ሎሚ ኣይሰምዓክን ኢለ፣ ብኤህታ ተራጊመ፣
ኣብ ልዕለይ ከይትዝንቢ ከም ጸሊም ግመ፣
ዕስራ ሰነ ከይተርክብኒ፣ ኣርሒቐ ሃዲመ፡፡

ከም ኣመላ ዙርያ ወቒዐ ድሮ ተመሊሳ፣
መርትያ ብጭብጢ፣ ፍትሒ ኣውሒሳ፣
ብናጽነት፣ ብሉዕላውነት ከቢራ፣ ተሞጕሳ፣
ታሪኽ ጅግና ክትጽብጽብ ማሕደራ ተወኪሳ፡፡

ሕድሪ ኣሎኒ ትብል፣ ሕድሪ እቶም ዝሓለፉ፣
ሕድሪ እቶም ብሉጻት፣ ብንእስነት ዝተዓጽፉ፣
ስለ ሃገር ህይወት በጅዮም፣ ዝተኾልፉ፣
መስዋእቲ ከፊሎም ባና ናጽነት ዝገደፉ፡፡

ኣብ ጽምዋ ቦታ፣ ኣብቲ ናይ ወጥሪ ህሞት፣
ኣብ ሓያል ብድሆ፣ ኣብቲ ጸቢብ ሰነ-ሞገት፣
ኣብቲ ምፍርራድ ነብሲ፣ ሞት ወይ ህይወት፣
ኣነ ዕስራ ሰነ'የ ጸብጺበ ወፈያ ጅግንነት፡፡

ማሕደር ታሪኽ ፈናጢሓ፣ ከፊታ፣
ብፍናን ንሓበን፣ ወሲኻ ዕልልታ፣
ብድሙቕ ብርሃን፣ ናይ ሽምዓ ማሕታ፣
በብሓደ ትጽውዖም፣ ነቶም ዕዱማታ፡፡

ትሕዝቶ ማሕደራ፣ እቲ ዘይጽንቀቕ መሪር፣
ህይወት ጅግና በሊዑ፣ ንእስነት ዝሰትር፣
ደበስ ዘይፈልጥ ብዘይካ ወሲኹ ክድምር፣
ዳግማይ ተመሊሱ ኣብ ልቢ ኣደ ክዕንድር፡፡

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣት!
ሓወልትኹም ኣብ ልብና!

ህድኣት ኤፍረም